ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን
Catholic Eparchy of Keren

Street 609 P.O. Box 460, Keren – Eritrea

Tel. +291-1–401 907 Fax. +291-1-401 604

Email: debanma@gmail.com

መበል 150 ዓመት ኢዮቤል ገዳም ዘርኣክህነት ከረን

ፀ ኮቢትሪ/ግንቦት ፳፫ May 17, 2022

ርእሰ ነገር፡ መበል 150 ዓመት ኢዮቤል ገዳም ዘርኣክህነት ከረን

ዝኸበርኩም ኣባላት ፈተወትን ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን

ብጸጋ እግዚኣብሔር ድሕሪ ምዝዛም መበል 25 ዝኽሪ ምሥረታ ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን፡እኒሆ እቲ ካብ 1869 ንደሓር ናይ መላእ ምድረ ሓበሻ ምንጪ ክህነታዊ ጸዋዕታን፡ ማእከለ ቤተክርስቲያናዎ ምሕደራን ኮይኑ ዘገልገለ፡ ንምምሥራት ካቶሊካዊ ኤጻርቅና ከረን ዓንዲ ሕቁ ዝኾነ ገዳም ዘርኣክህነት ከረን፡ ካብቲ ኣብ ከረን ቀዋሚ እግሪ ዝተኸለሉ መበል 150 ኢዮቤል ኣብ ታሕሳስ 2022 ከብዕል ኢዩ።

ዘርኣ ክህነት ኣብ ናይ ሓንቲ ቦታዊት ቤተ ክርስትያን ህላዌን መንፈሳዊ ምዕባሌን ኣዚዩ ኣድላዪ እዩ። ምኽንያቱ ዘርኣ ክህነት ነቶም ኣብ ኣገልግሎት ክህነት ዝዋፈሩ መመልመሊ እዩ። በዚ ዘርኣ ክህነት ሓደ ኣገዳሲ ተቅዋም ናይ ቦታዊትን ዓለም ለኻዊትን ቤተ ክርስትያን እዩ። ንመዘኻኸሪ ሓጺር ታሪኽ ዘርኣክህነት እኒሆ፡

- ብሰነ 1845 ቅ. ኣቡነ ያዕቆብ ድሕሪ ክንደይ ጻዕሪ ንመጀመርያ ግዜ ንዘርኣ ክህነት ኣብ ጎልዓ ብ20 ዝኾኑ ተመሃሮ መስረትዎ (Kevin O'mahoney 1982: 40)። ዘርኣ ክህነት ኣብ ጎልዓ ኣብ ዝተመስረተሉ ግዜ ኣብ መንጎ ብርቱዕ ተቃውሞ ከምዝነበረ ይዝከር፡
- ብ1848 ብዘጋጦሞም ተቃውሞን ብዝወረዶም ግፍዕን ተመሃሮ ዘርኣ ክህነት ምስ መምህራኖም ካብ ጎልዓ ሃዲሞም ብምምላጥ፤ ገለ ናብ ሓላይ ገለ ከዓ ናብ ዓሊቴና ገለ ካልኦት ድማ ናብ ባጽዕ ብምብትታን ተዓቀኑ (Kevin O'mahoney 1982:74)።

- ዘርአ ክህነት እንደገና ብ1849 ዘርአ ክህነት አብ ዓሊተና ተቋቋመ (O'mahoney 1982: 82)፡፡
- ብጥቅምቲ 1851 እንደገና ክግዕዝ ተገደደ (Kevin O'mahoney 1982: 91)። ካብዚ ን12 ዓመታት ዘርአ ክህነት አብ ሓላይ ጸንሐ።እዚ ዘርአ ክህነት አብ ሓላይ አብ ዝነበረሉ ዓመታት እውን ካብ ሓደጋ ምእንቲ ከምልጥ በብግዜኡ ናብ ሌቦ፤ ሰገነይቲ፤ እምኵሉ፤ ባጽዕ ይግዕዝ ነበረ።
- ብ20 ታሕሳስ 1863 ንባጽዕ ገዓዘ (Kevin O'mahoney 1987: 23) ብዘመን ኣቡነ ቢያንኬሪ ዘርአ ክህነት ካብ ጎልዓ ናብ ዓሊቴና፡ ካብ ዓሊቴና ናብ ሓላይ ይስደድ ነበረ።
- ብ1863 ዘርአ ክህነት ካብ ባጽዕ ክፈልስ ከሎ መንበሪ ሕንጻ እውን ኣይነበሮ።ስለዚ ኣብ መወዳእታ መስከረም 1866 ኣብ ርእሲ ምድሪ ገዛውቲ ከምዝተሰርሓሉ ይፍለጥ (Kevin O'mahoney 1987: 45) ግዳ እዚ እውን ብግዚያውነት ነበረ (Kevin O'mahoney 1987: 56)፡፡
- ዘርአ ክህነት ኣብ ከባቢ ከረን ክትከል ከምዝግባእ መጀመርያ ዝተምብሁ ባዕሎም ቅ. ኣቡነ ያዕቆብ ብታሕሳስ 1844 ኣብ ፕሮፓጋንዳ ፌደ ዝጸሓፍዎ መልእኽቲ (Epistolario, 2003:639-43) ይፍለጥ።ንቅ.ኣቡነ ያዕቆብ ነዚ ዘምረጾም እቲ ቀንዲ ረቋሒ እዚ ከባቢ ካብቲ ናይ ሽዑ ማእከል ኣራግጽ መሳፍንቲ ሓበሻ ወሰን ኣብ ርእሲ ምኂኑ ካብ ከባቢ ከረን ንትግራይ ንጎንደር ንካርቱም መዋፈሪ መናሃርያ ክኸውን ከምዝኽእል ደጋጊሞም ይገልጽዎ ነበሩ።
- ብ1869 ኣባ ሳልቨር ሓለቃ ማሕበር ላዛርስት ኣብ ምድረ ሓበሻ ምብጻሕ ኣብ ዝገበርሉ ንከረን ቀንዲ ማእከል ሰባኻን ቦታ ዘርአ ክህነትን ክትከውን ክመርጽዋ ከለዉ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ቅ ኣቡነ ያዕቆብ ካልእ ረቋሒታት ከም ተረካብነት ሕሱር መግቢ፤ ጥዑይ ኣየር፤ ሰይቲ ሙዚንገር ካብቲ ከባቢ ብምንባራ ብወገን ጸጥታ እውን ዘተኣማምን ብምንባሩን ምስኡ ድማ ዘድሊ መሳለጥያ ድሮ ከምዝነበሮ ብምንባሩ ምኂኑ ይግለጽ (O'mahoney 1987: 96)።
- ዘርአ ክህነት ከረን ኣብ መወዳእታ ሚያዝያ ኣብ ከረን ክሓልፍ ከሎ (O'mahoney 1987: 98) ኣባ ቱቨ ከም ሓለቃ ኣባ ፒካርን ሓው ካሱን ካልኦት ክልተ ደቂ ዓዲ ካህናትን ከም ተሓጋገዝቱ ተመዲቦም ከምዝነበሩ ይፍለጥ (O'mahoney 1987: 96)።
- ስለዚ ብ1869 ዘርአ ክህነት ንሓዋሩ ንከረን ፈለሰ (Kevin O'mahoney 1992: 33)።
- ዘርአ ክህነት ኣብ ከረን ምስ ተተኽለ ንግዜኡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ምሉእ ቀሳነት ኣይረኸበን ከማኡ እውን ብመግቢ እውን ንወትሩ ርእሱ ክኢሉ ክበሃል ኣይከኣልን።
- መጀመርያ ብግንቦት 1870 ካብ ወገን ሱዳን ብባርካ ዘስፋሕፍሕ ካብ ዝነበረ ግዝኣት ቱርኪ ንምምላጥ ዘርአ ክህነት ካብ ከረን ንባጽዕ ተኣልየ (O'Mahoney 1987: 121)።
- ካልኣይ ብ1871 ካብ ብወገን ሱዳን ዝመጽእ ወራር ምእንቲ ከምልጡ ንዘርአ ክህነት ብጥሪ ኣቢሉ ናብ ሰገነይቲ ከምዝግዕዝ ተገብረ። ኣብ'ዚ ሽሕ'ኳ ኣብ መንጎ ካቶሊካውያን ምእመናን ኣቲዩ እንተነበረ ዓመት ከይጸንሐ ብግንቦት ብሰንኪ ሕጽረት መግቢ ንከረን ክምለስ ተገደደ (O'mahoney 1987: 124)። ብዓቢዩ ግና ብሰንኪ ዓመጽን ወራርን ሰራዊት ዮሓንስ ብንሓሴ 1871 ዘርአ ክህነት ካብ ሰገነይቲ ንከረን ክምለስ ተገደደ (O'Mahoney 1987:130)።
- ኣብ ከረን'ውን ኩነታት ስለ ዘየተኣማመኖም ብጥሪ 1872 ናብ ባጽዕ ሃደሙ (Ibid. P, 132)። ከመይ እቲ ጊዜ'ቲ ቱቨ፣ "ተስፋና ካብ ዕንወትና እዩ፣" ቢሎም ክሳብ ዝዛረቡ ዝገበሮም ሕማቕ ዘበነ ስደት ነበረ።
- ንዘርአክህነት ካብ ባጽዕ ናብ ከረን ክምለስ ዝሓገዘ ኣውራ ጉዳይ እምበኣር፣ ሙንዚንገር ኣብ 23 ሚያዝያ 1871 ብግብጺ ኣመሓዳሪ ባጽዕ ምምዳቡ እዩ። ምኽንያቱ፣ ሙዚንገር ብ4 ሓምለ 1872 ንከረን ሒዙ ምቅማጡ ጌርዋ ነበረ (Rubenson,1991, P,296)። ሙዚንገር ቅድምᐅውን ከም ዳህሳስ ሃገር ካብ 1854- 1861 ኣብ ከረን ምቅማጡ ገቢሩ ይመላለስ ይመላለስ ከምዘይነበረ ይፍለጥ (Puglsi, 1952, P.215)። ድሕሪኡ ድማ ቄንስል እንግሊዝን ፈረንሳይን ኣብ ባጽዕ ተሸይሙ ነበረ።
- ይኹንᐅምበር፣ ግዝኣት ግብጺ ንከረን ሰላምን ቅሳነትን ክህባ ኣይተረኽበን። ሰራዊት ግብጺ ብ1875 ኣብ ጉንደት ብሓፀይ ዮሓንስ ምስ ተሳዕሩ፣ ሽዑ ሽዑ 50 ዝኾኑ ተመሃሮ ዘርአክህነት ናብ ከሰላ ሃደሙ (O'Mahoney, 1987, P. 193)። ኩነታት ምስ ተረጋገአ ድማ ከምብሓድሽ ተመልሱ።

- ኣብ ውዕል ሀወት፣ ኣብ ዓድዋ፣ እንግሊዝን ጸሐይ ዮሓንስን፡ግብጺ ንከረን ክገድፍዎ፡ ኢትዮጵያ ድማ ክትሕዛ ተሰማምዑ። እዚ፣ ኣብ 3 ሰነ 1884፣ ኣብ ከረን ብርቱዕ ሃወኻ ጸጥታ ኣኸተለ(O'Mahoney, 1991, P,18)። በዚ ምኽንያትሪ፣ ኣብ ታሕሳስ 1884 ዘርኣክህነት ከምብሓድሽ ናብ ባጽዕ ገዓዘ (Ibid. P,22)፣ኣባኡ ክሳብ ጥቅምቲ 1884 ጸንሓ (Ibid. P,.26)፡ እቲ ስግኣት ግን ካብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ካብቶም ብባርካን ሳሕልን ንግብጺ ክትክኡ ዝመጹ ማሕዳውያን እውንሪዩ ዝነበረ። እንተኾነ ማህዳውያን ኣብ ኮፊተ ብራእሲ ኣሉላ ብ23 መስከረም 1885 ምስ ተሳዕሩ እዚ ሓደጋ ተኣልየ (Ibid. P, 29) ።
- ራእሲ ኣሉላሪውን ንዘርኣክህነት ከረን ውሕስነት ኣይሃቦን። ኣብ 23 ነሓሴ 1887 ሰራዊት ኣሉላ ንቀጽሪ ምስዮን ከረን ብምኽባብ፣ ድሕሪ ክትዕ ክልተ መዓልቲ ን58 ሰባት፣ 6 ካህናት፣ 40 ተመሃሮ፣12 ምእመናን በብክልተ ኣሲሮም ንኣስመራ ኣብጽሕዎም። ካብኦም ደብተራ ወልደሥላሴ 143 ጊዜ ተገሪፉ ኣብ እምነቱ ስለ ዝጸንዐ ብነጻ ተለቀ(O'Mahoney, 1991, PP.39-40)። ዝኾነ ኾይኑ፣ ዘርኣክህነት ኣብ 1869 ናብ ከረን ካብ ዝሓልፍ፣ኣብ ውሽጢ 18 ዓመታት ንልዕሊ ሓሙሽተ ጊዜ ተሰደ። እዚ ስደትሪዚ ድማ መንግስቲ ጣልያን ኣብ 1888 ንከረን ምስ ሓዛ ኣብቀዐ።
- ካብዚ ንደሓር ዘርኣ ክህነት ከረን ሰላም ረኺቡ ፍሬኡ ከበርክት ጀመረ፤ ማለት ድሮ ብ25 ታሕሳስ 1889 ንመጀመርያ ግዜ 10 ክህነት ካብ ዝተቀበሉ 1) ኣባ ገ/ክርስቶስ መድኅን በዓል ዋስደምባ፣ 2) ኣባ ማቲያስ ፈዛዕ ብዓል ሰኾና፣ 3) ኣባ ሰጊድ ማሕራይ ብዓል ኣድርባ፣ 4) ኣባ ጴጥሮስ ጋብር ብዓል ከረን ዝተባህሉ ደቂ ከባቢ ከረን ይርከብዎም (O'Mahoney 1992: 53)::
- ኸሕኳ ዘርኣ ክህነት ካብ'ዚ ንደሓር ጸጥታ ይርከብ ድኣ እምበር ናይ ምምሕዳር ጕዳይ በብግዜኡ ክጸልዎን ስምብራት ክገብረሉ ይርከብ። ካብዚ እቲ መጀመርያ ዝጸለዎ ናይ ሰበኻ ሓበሻን ሕልቅና ግዝኣት ጣልያንን ኣብ ዝቆመሉ ብ1894 እቲ ዘርኣ ክህነት ከረን ንኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ማሕበር ካፑቺኒ፡ እንቲ ንትግራይ ዘገልግል ኣብ ትሕቲ ላዛሪስት ናብ ዓሊቴና ብምቋም፡ ዘርኣክህነት ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ክልተ ተኻፋፈለ።
- ካብዚ ንደሓር ነቲ ኣብ ከረን ዝርከብ ንኤርትራ ጥራሕ ዘገልግል ኮነ።
- ነዝን ንኻልእ ጸዋዕታውን ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን ብዝቀደመ ክነመስግን፡ ንዝመጽእ ምስ ዘመን ዝኸይድ ኮስኮሳ ንኽነማዕብል እዚ ዝኸሪ 150 ኢዮቤል ዓቢይ ኣጋጣሚ ኢዩሞ፡ ንኽንጥቀመሉ መጀመርያ ብጸሎት ደሓር ብኣበርክቶ ክትሕግዙ ጸዋዒት ንገበር ኣሎና።

ወስብሓት ለእግዚኣብሔር !!!

† ኣባ ኪዳነ የዕብዮ

በጸጋ እግዚኣብሔር ወበሥምረተ
መንበረ ጴጥሮስ ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን